## ቃለ-መሓትት ምስ ተጋዳላይ ተኽለ መለኪን

### ቤት ጽሕፈት ዜና
### ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን
### 06.10.2006



ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ኣብ ዝመጽእ ዘሎ ግዜ ሓፈሻዊ ጉባኤኡ ንምግባር መዲቡ ኣሎ። ነዚ ዕላማ'ዚ ኣብ ግብሪ ንምውዓል፡ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ሰነ፡ ብተጋዳላይ ተኽለ መለኪን፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ኣህጉራዊ ዝምድናታት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ እትምራሕ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ጉባኤ ኣቑሙ።

ብዛዕባ'ዚ ንጥፈታት ናይ'ዛ ሽማግለ እዚኣን በጺሓቶ ዘላ ደረጃን ዝያዳ መብርሂ ንምርካብ፤ ቤት ጽሕፈት ዜና ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ምስ ተጋዳላይ ተኽለ ዝገበሮ ቃለ-መሓትት ነቕርበልኩም።

### 1. ጉባኤ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ንምንታይ ኣድለየ?

ድሕር'ዚ ውድባት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዝኸድዎ ናይ ሓባር ጉዕዞን ኣብ መንጎኦም ዝተጠርየ ናይ ሕድሕድ ምትእምማንን፤ ነፍስወከፍና ጉዕዞና ዝምርሓሉ ብሩህ ትካላዊ ኣካይዳ ክህልዎ ንምግባር ብዕቱብ ክንሰርሕ ዕዙዝ ተደላዪነት ኣለዎ። እቲ ቀኑዕ መእተዊ ናብ'ዚ ጉዕዞ'ዚ ከኣ ጉባኤ ምክያድ ኢዩ። ምኽንያቱ ከኣ ብውድባዊ ዓይኒ ክርአ እንከሎ፡ ንቅርጻ ናይ ኪዳን ምምላእ ብሓደ ሸነኽ፤ ብኻልእ ሸነኽ ከኣ፡ ኪዳን ክሳዕ ሕጂ ዝፈጸሞም ዕማማት ንምግምጋምን ኣብ መጻኢ እንምርሓሉ ፕሮግራምን ትልምታትን ንምሕንጻጽ ስለዘኽእል ኢዩ። ካልእ ጉባኤ ምግባር ዝድለየሉ ምኽንያት ከኣ፡ ውድባት ኪዳን፡ ንቃልስታቶም ከሐይሉን ኣብ ህዝቢ ተቐባልነት ክረኽቡ ዘኽእሎም ፕርግራምን ትልምታትን ንምሕንጻጽን፤ ብሓባር ንኽጕዓዙ ዘለዎዎም ዕቱብ ድሌት ዘንጸባርቑሉን ኣገዳሲ ዓውዲ ስለዝኾነ ኢዩ።

### 2. ጉባኤ ንምስንዳእ ብዝምልከት፡ ሽማግለኹም ኣበናይ ብርኪ በጺሑ ይርከብ?

ሽማግለና፡ ጉባኤ ንምስንዳእ ብዕለት 6 ሰነ 2006 ካብ እተወከለትሉ እዋን ጀሚራ ዕማማታ ንምስልሳል ተበጊሳ። ንኣገባብ ኣሰራርሓኣ ዝሰርዕ ውሽጣዊ ሕጋጋት ነዲፋ ናብ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ኣቕሪባ። ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ኪዳን ድማ ኣጽዲቑላ። ብቐዳምነት፡ ብመሰረት'ቲ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ዝሃባ፡ ርእይቶ ናይ ውድባት ኣብ ዝተፈላለዩ ጉዳያት ትቕበልን፤ ብድሕር'ዚ ድማ፡ ናይ ሓባር ዝኾነ ርእይቶታት ትጥርንፍን፥ ነቲ ናይ ፍልልይ ነጥብታት ከኣ፡ ከከም ደረጃኡ መምዖ ትሰርዕን። ከምኡ ውን፡ ኣብ'ቲ ሕጂ ኣብ ማእከላይ መሪሕነት ዘሎ መጠን ውክልና ናይ ውድባት ብምምርኳስ፡ መጠን ውክልና ናይ ውድባት ኣብ ጉባኤ ኪዳን መጽናዕታዊ ግምታ ትህብ። ናይ ጉባኤ ቦታን ባጀትን ንዝምልከት ተዋሂብዋ ዝነበረ ዕማም

ድማ፡ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ነቲ ኣብዚ እዋን'ዚ ንኪዳን ከቢብዎ ዘሎ ኩነታት ኣብ ግምት ዘእተወ ርእይቶን ለብዋታትን ኣቕሪባ ኣላ።

እቲ ካብ ውድባት ክመጸና ዝተባህለ ርእይቶታት ድንጉይ ኢሉ እኳ ኣንተመጸ፤ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ግን፡ እታ ሽማግለ ነቲ ካብ ውድባት ዝቐረበላ ርእይቶታት ብዕምቈት ተመልኪታ፡ ጸብጻባታ ናብ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ንምቕራብ ኣብ መፈጸምትኡ በጺሓ ትርከብ።

### 3. ኣብ ቻርተርን ቅዋምን ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዘሎ ዓበይቲ ፍልልያት እንታይ ኢዩ?

እቲ ናይ ፍልልይ ነጥብታት ሓድሽ ኣይኰነን። እታ ሽማግለ፡ ብፍላይ ንቕዋም፡ ቅርጺ፡ ዕማማት ፈጻሚ ቤት ጽሕፈትን ኣገባብ ኣመራርጻ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈትን ዝምልከት ሃናጺ ርእይቶታት ተቐቢላ ኣላ።

ብጕዳይ ብሄራት፡ ዝቐረበልና ርእይቶታት ኣሎ። ንሕቶ ሸሪዓ ብዝምልከት ውን ዝቐረበልና ርእይቶታት ኣሎ። ብርእይቶይ፡ እቲ ነዚ ርእይቶታት'ዚ ኣብ ምቕራብ ኣብ ውድባት ሰፊኑ ዝነበረ መንፈስ፡ ኣብ'ቲ ጕባኤ ውን ቀጺሉ፤ ነዘን ሕቶታት ዝኸውን ብቑዕ መፍትሒ ክርከብ ይከኣል'ዩ በሃላይ ኢየ።

መጠን ውክልና ኣብ ማእከላይ መሪሕነት ብዝምልክት ድማ ኣዎንታዊ ርእይቶታት ቀሪቡልና። እዚውን እንተኾነ ኣብ መጻኢ ጉባኤ ተዘሪቡሉን ክትዕ ተኻይዱሉን ብኣወንታ ክዛዘም ተስፋ ዝግበረሉ እዩ። ሽማግለና ድማ ነቲ ዝቐረበላ ርእይቶታት በቦትኡ ኣትሒዛ ኣብ ጸብጻባ ኣስፈራቶ ትርከብ

ንኣገባብ ቃልሲ ብዝምልከት ከኣ፡ ዳርጋ ኩሉ ተመሳሳሊ ርእይቶ ዝሃበሉ ኮይኑ፡ ወላውን ዝተፈልየ ርእይቶ ዘለዎ'ውን ብመትከል ምስቶም ዝበዝሑ ዘይፈላለ ምዃኑ ናይ ኣዎንታ ምልክት ኢዩ ክበሃል ይከእል።

### 4. ብውድባት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ነዚ ፍልልያት'ዚ ንምስጋር ዝሕግዝ ዝቐረበ ርእይቶታት ኣሎ'ዶ? ወይስ ብሽማግለኹም ነዚ ፍልልያት'ዚ ንምቅርራብ ዝቐርብ ርእይቶታት ወይ ለበዋታት ክህሉ ድዩ?

ነቲ ዘሎ ጋግ ንምጽባብ፡ ፍልልያት ንምቅርራብ፡ ነቲ ባይታ ናይ ምርድዳእ ንምስፋሕ ዝሕግዙ ብዙሓት ርእይቶታት ቀሪቦም ኣለዉ። እዚ ከኣ፡ ውድባት ኪዳን ንዘለዎም ፍልልያት ሰጊሮም ንሓባራዊ ዕዮ ዘተባብዕ ጽኑዕ መሰረት ንምንባር ዘለዎም ተገዳስነት ዘንጸባርቕ ኢዩ።

ስለ'ዚ፡ ሽማግለና፡ ነቲ ዝተቐራረበ ርእይቶታት ናብ ሓደ ንምምጻእ ዝሕግዙ ለበዋታት ከተቕርብ ተሰማሚዓ ኣላ።

### 5. መጠን ውክልና ናይ ውድባትን ተዓዘብትን ኣብ ጕባኤ ከመይ ክኸውን ኢዩ? ወጻእተኛታት ተዓዘብቲ'ኸ ክህልዉ ድዮም? እቲ ጕባኤ ዝካየደሉ ቦታ ኣበይ'ዩ ክኸውን?

መጠን ተሳታፍነት ኣብ ጕባኤ፡ በቲ ጕባኤ ዝካየደሉ ቦታ ኢዩ ዝውሰን። ጕባኤ ዝካየደሉ ቦታ ከኣ፡ ምስ ፖለቲካዊ ኵነታት ዝተኣሳሰር ኢዩ። ስለ'ዚ፡ ከም'ቲ ቅድም ክብል ዝኣመትክዎ፡ እታ ሽማግለ፡ ኣብ'ዚ ጕዳያት'ዚ ዘለዋ ርእይቶታት ናብ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ከተቕርብ ኢያ። ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ድማ፡ ቅኑዕ'ዩ ዝበሎ ውሳኔ ክወስድ ኢዩ። ፈ/ቤት ጽሕፈት ብዛዕባ ተሳትፎ ናይ ሲቪላውያን ማሕበራት፡ ናይ መጽናዕቲን ናይ ዜናን መደበራት ወዘተ ብዝምልከት ኣሰናዳኢት ሽማግለ ክትርእዮ መምርሒ ሂቡ እኳ እንተነበረ፡ ብቐዳምነት ምስታ

ናይ ሃገራዊ ዋዕላ ሽማግለ ዝተኣሳሰረኳ እንተኾነ፡ ብዛዕባ ብዝሒ ተሳተፍቲ ንዝምልከት ምስ ቦታ ጉባኤ ዝተኣሳሰረ ኢዩ ክኸውን። ብፍላይ ወጻእተኛታት (ናይ ካልእ ዜጋታት) ተዓዚብቲ ብዝምልከት ግን፡ ኣብ'ቲ ካብ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ዝተዋህበና መምርሒታት ዝተጠቓለለ ኣይኰነን።

### 6. ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ህዝብና ቀዳምነት ኣብ ዘይህቦ ጓል ነገር ጉዳያት ኢዩ ዘድህብ ዝብል ካብ ገለገለ ኰርንዓት ዝመጽእ ነቐፌታ ከመይ ትርእዮ?

ብቐዳምነት፡ ምስ'ዚ ኣበሃህላ'ዚ ከምዘይሰማማዕ ከረጋግጽ እፈቱ። ዋላ ውን፡ ነቲ ኣብ ኪዳን ዝለዓል ጉዳያት ኣቃሊለ ዝርእዮ ኣይኰንኩን። ናይ ሽሪዓ ይኹን ናይ ብሄራት ጉዳይ፡ ነቲ መሰላት ብዝረጋግጽን፥ ነቲ እንቃለሰሉ ዘሎና ናይ ዝተፈላለዩ ክፍልታት ህዝብና ብስኒትን ብሰላምን ናይ ምንባር ዕላማታት ክውን ንምግባርን፤ ንቃልስታትና ዘሐይልን ብቑዕ ፍታሕ ዘድልዮ ህያው ጉዳይ ኢዩ። ኮይኑ ግን ነዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዝርከብ ሕቶታት ሓደ መደምደምታ ከይተገበረሉ ክቕጽል ኣንተኾይኑ፣ እቲ ጉዳይ፡ ጉዳይ ጓል ነገር ጥራሕ ዘይኮነስ ካብኡ ዝለዕለ ኢዩ ክኸውን፣ ብሓጺሩ ንኪዳን ዘየሰጉም፡ ነቲ ንመጻኢ ክግበር ዝምደብ ኩሉ ክዕንቅፍ ዝኽእል ከም ዝኸውን ዘየጠራርጥር ኢዩ።

### 7. ብርእይቶኻ፡ ነቲ ስርዓት ንምግጣም፡ እቲ ዝበለጸ ኣገባብ እንታይ ኢዩ ትብል?

እቲ ዝበለጸ ኣገባብ ንምግጣም ናይ'ቲ ስርዓት፡ ኪዳን ንህዝቢ ኣብ ጐድኑ ደው ከምዝብልን ንጡፍ ግደ ከምዝጻወትን ምግባር ኢዩ። ከምኡ ውን፡ ኪዳን ኣብ ህዝባውን ዜናውን ዲፕሎማስያውን መዳያት ግዲኡ ርኡይ ክኸውንን፤ ኣብ ውሽጢ ይኹና ኣብ ግዳም ዝርከብ ህዝብና፡ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ሓቀኛ መተካእታ ናይ'ቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት'ዩ ዝብል ዕግበት ዘሕድረሉ ጽዓታታት ከካይድን ኣለዎ። ከምኡ ውን፡ ለውጢ ንምምጻእን ነቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ንምውዳቕን ናይ ውሽጢ ረቛሒታት ምምላእ ዓቢ ኣገዳስነት ከምዘለዎ ሓቂኳ እንተኾነ፤ ኣብ ብዙሓት ከም ናህና መሰል ምንቅስቓሳት፣ ለውጢ ንምምጻእ ኰነ ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ንምውዳቕ፡ እቲ ናይ ወጻኢ ደገፍ ዓቢ ጽልዋ ከምዘለዎ ተደጋጊሙ ዝተራእየ ሓቂ ኢዩ። ስለዝኾነ ድማ፡ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ንጡፍ ናይ ኣህጉራዊ ምንቅስቓሳት ብምክያድ ነዚ ዘሎ ስርዓት ንምውዳቕን ህዝቢ ኤርትራ ብዲሞክራስያዊ ስርዓት ንክምራሕን ኣብ ዝገብሮ ቃልሲ ውክልንኡ ከእምንን ደገፉት ከረጋግጽን ክበቅዕ ይግባእ።

### 8. ኣብ ኤርትራ ዘሎ ፖለቲካዊ ቅልውላው ብዝምልከት መንግስትን ተቓወምቲ ውድባትን ዝስከምዎ ሓላፍነት እንታይ'ዩ? ነዚ ቅልውላው'ዚ ንምስጋር'ከ እንታይ ክግበር ኣለዎ ትብል?

ብቐዳምነት፡ ፖለቲካዊ ቅልውላው ከምዘሎ ዘይቅበልን፤ ንህላወ ናይ ተቓወምቲ ውድባት ዝኽሕድን፤ ነቲ ባዕሉ ዝፈጠሮ ቅልውላው ንምፍታሕ ድሌት ዘይብሉን ስርዓት ህግዲፍ'ዩ ሓላፍነት ናይ'ዚ ህልዊ ፖለቲካዊ ኵነታት ኤርትራ ዝስከም። ኩሎም ኣብቲ ዘሎ ስርዓት ጥቕሚ ዘለዎም ዘበሉ ድማ፡ ብህላወ ናይ ተቓወምቲ ውድባት ምእማን፡ መወዳእታ ናይ ስልጣኖምን ጥቕሞምን ኮይኑ ስለዝመዝንዎ'ዩ።

ብመሰረቱ ኣብ ኤርትራ ሰፊኑ ዝርከብ ፖለቲካዊ ቅልውላው ብሰንኪ'ቲ ኣብ ኤርትራ ክካየድ ዝጸንሐን ዘሎን ኣብ ምብሓት ስልጣን ዝተመስረተ ፖሊሲ ናይ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ዝተፈጥረ እዩ ምባል መሰረት ዝረገጸ ሓቂ ኢዩ። ተሰካም ሓላፍነት ድማ ባዕሉ እቲ ነቲ ስርዓት ዝመስረተ ሽነኽ ኢዩ።

ብኻልእ ሸነኽውን እቲ ብዝሒ ናይ ተቓወምቲ ውድባትን ኣብ ሞንጎኦን ክረአ ዝጸንሐ ዘይምውህሃዳትን ነቲ ኣንጻር ዲክታቶርያዊ ስርዓት ክወሃቦ ዝግባእ ምሉእ ኣትኩሮ ክዓናቕፎ

ጸኒሑ እዩ። እዚ ሓቒዚ ኣብ ውሽጢ ደምበ ተቓውሞ (ውሽጥን ግዳምን) ቅልውላው ፈጢሩ ዝጸንሓን ዘሎን ኢዩ። ብኻልእ ኣዘራርባውን ኣካል ናይ ኤርትራዊ ፖሊቲካዊ ቅልውላው ምኽኑ ርዱእ እዩ። ነዚ ንምፍታሕ ከኣ፡ ዝተፈላለዩ ዝንባሌታትን ፍልስፍናን ዘለዎም ተቓወምቲ ውድባት ኣብ ትሕቲ ጽላል ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ተጠርኒፎም ይቃለሱ ኣለዉ። ምስዚ ከነወዳድሮ ኣንከለና፡ እቲ ኣብ ኤርትራ ስልጣን ጨቢጡ ዘሎ ሽነኽ ነቲ ኣብ ኤርትራ ሰፊኑ ዝጸንሐ ቅልውላው ንምፍታሑ ዝኾነ ይኹን ፈተነ ዘይምግባሩ ዝለዓለ ሓላፍነት ከምዝስከም የረድእና።

## 9. ኣብ ዞባና ዝርአ ዘሎ ምዕባለታት፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ሱዳን። ኣብ ግምት ብምእታው፡ ናይ ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ መጻኢ ንጥፈታት ከመይ ክኸውን'ዩ ትብል?

ምስ ጐረባብቲ ሃገራት ዞባና ኣብ ሕድሕድ ምክብባርን ኣብ ምርግጋጽ ሓባራዊ ረብሓ ዝተመርኰሰ ናጻ ዝኾነ ዝምድና ንምፍጣር ኵሉ ግዜ ቀዳምነት ክንህቦ ዘሎና ዕማም ምኳኑ ክንግንዘብ ይግብኣና። ዝተፈላለዩ መንግስታት ናይ ሱዳን፡ ቅድም ዝነበሩ ይኹኑ ሕጂ ዘሎ መንግስቲ፡ ኣብ ጉዳይ ህዝብና ዝሓዝዎ መርገጻት ነመጒሶ ኢና። እንተኾነ፡ ረብሓኦም ገዲፎም ንረብሓታትና ከረጋግጹ ኣይንጽበን ኢና። ንኣብነት እቲ ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን ኣብ መንጎ ኤርትራን ሱዳንን ዝተጋህደ ዝምድናታት ብዝምልከት ምናልባት ናቱ ጽልዋታት ኣብ ልዕሊ ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ ይህልዎ ይኸውን።

ብርታዔን ዕብየትን ተቓወምቲ ውድባት ነቲ ኣብ ዞናና ዝርከባ ሃገራት ብዛዕባ ተቓውሞ ሓይልታት ይኹን ብዛዕባ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ስርዓት ብዝምልከት ዝወስድኦ ስጉምቲ ይኹን ዝኽተልኦ ፖሊሲ ፍልልይ ከምጽኣሉ/ክገብረሉ ይኽእል ኢዩ። ሓድነትካ ኣደልዲልካ፡ ህዝብኻ ጠርፍካ ብተግባር ክትሕይልን ክትደፍእን ምብቃዕ ድማ ኣብ ከባቢኻን ዓለምን ክትስማዕን ኣብ ግምት ክትኣቱን ይገብረካ።

ዝኾነ ኾይኑ፡ ንሕና ምስ'ቲ ምእንቲ ዲሞክራሲ እነካይዶ ዘሎና ቃልስታት ዝሳነ ዞባውን ኣህጉራውን ዝምድናታት ክንፈጥር ኢና ክንጽዕር ዘሎና።

## 10. ናይ መወዳእታ ትብሎ ቃል እንተልዩካ?

ኣብ ኣሰናዲት ሽማግለ ኪዳን ዘሎኒ ናይ ኣቦ መንበርነት ቦታ፡ ብዛዕባ ዓንቀጻት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ዕሙቕ ዝበለ ኣፍልጦ ክህልወንን፤ ከምኡ ውን፡ ካብ ዝተፈላለዩ ውድባት ዝቐረቡ ርእይቶታት፡ ነቲ ዘሎ ፍልልያት ናይ ምስጋሩ ተኽእሎታት ኣሎ ዝብል ስምዒት ከሕድር ኣኽኢሉኒ። ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ነብሱ ብምሕያል ማዕረ'ቲ ዝጽበዮ ሃገራዊ ሓላፍነት ክብ ክብልን፤ ከምኡ ውን፡ ምስ ሲቪላዊ ማሕበራትን ውሩያት ሃገራውያን ባእታታትን ብምርኻብ፤ ጽዓታቶም ንሓባራዊ ዕላማታት ከጸምድን'ዩ ዝብል ተስፋ ኣሎኒ።

እብዚ እዋንዚ ንኪዳን ዝጻረሩ ሽነኻት እንተ ብፍላጥ ወይ ብዘይፍላጥ ነቲ ስርዓት'ዮም ዘገልግሉ ዘለዉ። ብኻልእ ሸነኽ ድማ፡ ዕላማኡ ንኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ንምእራምን፡ ኪዳን ንባህግታት ህዝቢ ኤርትራ ንከማልእ ንክበቅዕ ተባሂሉ ዝግበር ነቐፌታ እንተኾይኑ ግን፡ ኣካል ናይ ደምበ ተቓውሞ ምኳኑ ርዱእ ኢዩ።

ሓፈሻዊ ጉባኤ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ንምዕዋት ኵሉ ዝከኣል ጻዕርታት ክካየድ ኣለዎ። ነፍሲ ወከፍ ተቓዋሚ ኣብ'ቲ ተቓወምቲ ውድባት ኣንጻር ዲክታቶርያዊ ስርዓት

ዘካይድዎ ዘለዉ ቃልስታት ግዴኡ ከበርክት ድሉው ምስዝኸውን ድማ ኢዩ ደምበ ተቓውሞ ክድልድልን ክዕወትን ዝበቅዕ።